ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጓዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ኣብ ናይ 2012 በጀት ዓመት ኣብ ከተማ ሰቲት ሑመራ ብቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን ከተማ ሰቲት ሑመራ ኣብ ቀበሌ 04 ናይ ጉድኣት ኩናት ተጋደልቲ መንበሪ ገዛ ሎት1 ን ሎት2 ነንበይኖም ን2ተ ኮንስትራክሽን ማሕበራት ብደረጃ 8ተ ብርኪ ፈቃድ ማለት እዉን GC BC ደቀቕቲ ንግዲ ትካላት ማሕበራት ኮንስትራክሽን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ ስለዚ ክትሳተፉ እትደልዩ ተጫረቲ ነዞም ረቋሕታተ ኣማሊእኹም ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጉንበት 15, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 2, 2012 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000
- ቦታ:ሰቲት ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 2, 2012 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ 2012 ዓ/ም ዝተሐደሰ ናይ ስራሕ ተካናተርቲ ዝተወሃበ ምዝገባ ካርድ ብርኪ ትካል ወረቀት ምስክር፤ መለለይ ቁፅሪ ከፋሊ ግብሪ መረዳእታ ዘለዎም

2 ናይ ስራሕ ተኮናተርቲ ዝተዉሃበ ምዝገባ ካርድ፤ ንግዲ ስራሕ ፈቃድ መቅረባይት ምዝጋባ ሰርተፊኬት ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀት ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ተወሳኪ እሴት ታክስ ፀብፃብ ዝገበርክምሉ ምስክር ወረቀት

3 መኽበሪ ጨረታ ዉሕስና ብብሄራዊ ባንኪ ኢትዩጰያ ካብ ዝተፈቀደሎም ዝተፈለጡ ባንክታት ዝዉሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ናይ ገንዝብ ክፍሊት መዘዚ ማለት እዉን ስፒኦ ወይ እዉን ብጥረ ገንዝብ 10,000 .00 ከቅርበ ዝክእል

4ናይቲ ተጫረቲ ናይ ዝተጫረትሉ ፕሮጀከት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረክበሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ዉሽጢ 240 ተኽታታሊ መዓልቲታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሙ ከረክብ ዝክእል

5 ተጫረቲ ብቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዓዝያን ወረዳ ሰቲት ሑመራ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 200.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ 12/09/2012ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ቢሮ ቁፅሪ 3ተ ምውሳድ ይኽእሉ እዮም።

6 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ሰነድ ጨረታ ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ኣብ ዝተፈላለዩ ፖሰታት ብምዕሻግ መሊሶም ኩሎም ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕሊኡ ስም ዝጫረትሉ ፕሮጀከት ስምን ኣድራሽን ብዝረኣይ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 3 ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ 02/10/2012 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅደሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይክእሉ እዩም።

7 ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝቀርቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊኦም ኣብ ነብሰ ወከፍ እቲ ሰነድ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ ከይአዛብዑ እቲ ሰነድ ከምቲ ክሸየጥ እነተሎ ዝነበረ ከየጎደሉ ከቅርቡ አለዎም።

8 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ሎት 1 02/10/2012 ዓ/ም ሎት 2 03/10/2012 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:00 ቅደሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ቢሮ ቁፅሪ 3 ይክፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9 እቲ ከይዲ ስራሕ ካሊእ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ- በኣካል ናብ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ብኣካል ብምምፃእ ወይ ብስ.ቁፅሪ 0344-480020/0344481880

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle